# Eritrean National Salvation Front

## ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና መብርሂ ሂቡ፦

ተጋደላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዕለት 19 ለካቲት 2012 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንጉዱሳት ኤርትራውያን ብዛዕባ ህልው ሃገራዊ ኩነታት ሃገርና ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ኣብ መግለጽኡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን መዳያት ካብ መዕልቲ ናብ መዓልቲ በብርቱዕ ቅልውላው ይሕቆን፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ'ውን ካብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ'ዚ ወቅቲ'ዚ ብዝያዳ ተነጺሉ ምህላዉን፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብናን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ስለዝተነጸለ ይዳኸም'ኳ እንተሃለወ፡ ጌና ሓይሊ ምዛኑ ኣብ ልዕሊ ደምበ ተቓውሞ ጸብለልታ ሒዙ ምህላዉ ኣብርሁ።



ተጋደላይ ኣሕመድ መሓመድ ናሰር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል መግለጺ እናሃበ።

ህዝቢ ኤርትራ ሓድሕዱ ተኸባቢሩ ብሓባር ብሰላም ክነብር ዘኽእሎ፡ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ሓያል ሱር ዝሰደደ ባህሊ ስኒትን ክብረታትን ምጽውዋርን ኣሎዎ። በዚ መሰረት'ዩም ኣቦታትና ናይ ፖለቲካዊ ፍልልያቶም ሳዕበናት ናብ ቅርሕንትን ተጻብኦታትን ከይሰጋገር ብሰላም ከድቕስዎ መታን፡ ኣብ ጊዜ ፈደረሽን ብ31 ነሓሰ 1950 ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ኢምፐሮ ጉባኤ ዕርቂ ዝካየዱ። ዕጥቃዊ ሰውራ ኤርትራ፡ ካብ ኣሉታዊ ጎኒታቱ፡ ነቲ ናይ ህዝቢና ስኒትን ሕድሕ ምክብባርን ንጎኒ ኀስዩዎ ስለዝኸደ ኣብ ክንድኡ ሓደ ብዋጋ እቲ ካልእ ክህልው ዝዓለመ ፖለቲካ ምንጽጻግ ብምትእትታው፡ ፖለቲካዊ ተደላይነት ዘይነበሮ ምቅትታል ኣሕዋት ኣኸትሉ። ብስኪ'ዚ ድማ ኣብ ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ብዙሕ ጉድኣት'ኳ እንተወረደ፡ እቲ ናይ ህዝቢና ባህሊ ስኒትን ምክብባርን ምጽውዋርን ግን፡ ብናይ ውድባት ፖለቲካዊ ምንጽጻግ ኣይተሰዓረን።

ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ሰፊሕ ህዝቢ ኣብ ዙርያኦም ንምስላፍን ንምምራሕን ኪበቕዑ ምእንቲ፡ ኣብ ሞንጎኦም ብዝህልው ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ መርገጽታትን መልክዓት ውዳበታትን ሕድሕዶም ኪነፋፈጉ የብሎምን። ውድቐት ስርዓት ህግደፍ

*ንምቅልጣፍን፡ ንዲሞክራስያዊ ስርዓት ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣርን ኤርትራዊ ናጻ ፖለቲካዊ ውሳኔ ንምዕዛዝን፡ ተኸባቢሮም ስምረቲ ዲሞራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ብሓባር ኪቃለሱ ይግባእ። ፖሊሲ ዘተ ምኽታል ይግባእ። ናይ ህዝቢና ስኒትን ክብረታትን፡ ምዕቃብን ምምዕባልን የድሊ።*

*ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፡ ነቲ ቃልሲ ኣብ ሞንጎኦም ክኸውን ዝገብር ሕድሕድ ፖለቲካ ምንጽጻግ ብዘተ ንምፍዋስን፡ ገድላዊ ዓቕሚታቶም ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ንምቕናዕን፡ ኣብ 1999 ኤርትራዊ ምሕዝነት፡ ኣብ 2005 ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መስሪቶም። እዚ ፖለቲካዊ ፍጻሜ'ዚ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካ ከም ሓዲሽ ኣወንታዊ ነጥቢ መቕይሮ'ዩ ዝውሰድ። ኣብ ሞንጎ ተቃውሞ ሓይልታት ኤርትራ ናይ ምንጽጻግ ፖለቲካ ሙሉእ ብሙሉእ ጌና ብፖለኢካዊ ዲሞክራሲ ስለዘይተተከአ፡ ኣብ ገለ እዋናት ፖለቲካ ሕድሕድ ምንፍፋግ ንቕድሚት ስለዘመጽእ፡ ጠርነፍቲ ጽላላት በብግዜኡ ንሓደጋ ምፍንጫላት ክተሳጥሑ ጸኒሕዕም'ዮም። ህዝቢና ግን ኣብ ጎኒ ሓድነት ተቓውሞ ጠጠው ይብል ኤሩ። ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝዓበየ ፖለቲካዊ ምኽሰብ ሃገራዊ ዋዕላ ምውዳብን ምዕዋትን'ዩ። ከም መቐጸልታኡ ድማ ሃገራዊ ኮምሽንን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ህዝብን ድማ ኣብ መወዳእታታት 2011 ሃገራዊ ጉባኤ ምዕዋትን፡ ሃገራዊ ባይቶ ዝስሙ ዝሰፈሕ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ጠርናፊ ጽላል ምምስራትን'ዩ።*



**ኣኼበኛታት መግለጺ እናተኸታተሉ**

*ኣብ'ዚ ኣዋን'ዚ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ናይ ሰፊሕ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ሰፊሕ ደገፍ ይረክብ ኣሎ። ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ተቀባልነት ንምርካብ ጥጡሕ ባይታ ኣሎዎ። ሃገራዊ ባይቶ ኣብዚ እዋን'ዚ ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ክምስርትዎ ዝኸኣልዎ ብኣቋውማ ሓይልታቱን ስፍሓት ማሕበረ ሰረቱን፡ እቲ ዝሰፈሐ'ዩ። ኣድማዒ ንክኸውንን ሓድነቱ ንምዕቃብን፡ ህዝባዊ ሱታፌ ዝሕውስ ሓያል ምሕዝነታዊ ቃልሲ ምኽያድ የድልዮ። ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ሞንጎ ኣባል ሓይልታቱ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኣጠቓላሊ ኣብ ሞንጎ ደምበ ተቓውሞ ፖለቲካዊ ምርግጋእ ንምስፋን፡ መርሓ ፖለቲካዊ ልዝብን ባህሊ ዲሞክራስን ንምዕዛዝ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ክንዲ ዝተኻእሎ ዘይተቆጠበ ቃልሲ ከካይድ'ዩ።*

*ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ፡ ሃገራዊ ባይቶን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ማዕሮ-ማዕሮ ብምሃልዎም፡ ኣብ ህዝቢና ምድንጋራት ይፍጠር ኣሎ። እዚ ካኣ ንክልቴኡ ጽላላት ዝጎድእ'ምበር፡ ኣብ ረብሓ ሓደኦም ዝውዕል ኣይኮነን። ኪዳን ይሃሉ ዶ? ወይ ኣየሃሉ?፡ ብዝብል ሞጎት፡ እዚ ኣናበረኽ ዝመጽእ ዘሎ ተቓውሞ ህዝቢና ንድሕሪት ከይምለስ ስግኣት የሎን ክባሃል ኣይከኣልን'ዩ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ምስ መሓዙት ሓይልታት ኪዳን ብምርድዳእ፡ ነዚ ኣብ ሞንጎ ክልቴኡ ሃገራዊ ጽላላት ዘሎ ህልዊ ፖለቲካዊ ምድንጋራት ንረብሓ ተቓውሞ ብዝውዕል መንገዲ ንምፍዋሱ እጃሙ ከበርክት'ዩ።*

*ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዝቃወም ዘሎ ህዝቢና'ዩ። ህዝቢና ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ'ን'ዩ ዘሎ። እቲ መሰረታውን ውሳኔን ሓይሊ ተቓውሞ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዝርከብ'ዩ። ሓይልታት ተቓውሞ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ካብ ዝቃወም ህዝቢና'የን ዝውለዳ። ስለዝኾነ እዞም ኣብ ደገ ዘሎና*

ተቓውሞ፡ ንሕና ጥራይ ኣይኮንናን ተቓውሞ ህዝቢና። ኣብ ውሽጢ ሃገር ካማና ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘደልዩ ተቓውሞ ሓይልታት ምህላዉን፡ ብዝኾነ ኣገባብ ምስኣቶም ምውህሃድ ምግባር ከምዘድልን ምርዳኣ ኣገዳሲ'ዩ።

ብዘይ ናይ ውሽጢ ተቓውሞ ዝህልው ናይ ደገ ተቓውሞ የሎን። እዚ ኣብ ደገ እንካየዶ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ናይ'ቲ ህዝቢና ኣብ ውሽጢ ዘካይዶ ተቓውሞ ጽዑቕ መግለጺ'ዩ።

ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር መግለጽኡ ምስ ወደኤ፡ ካብ ተሳተፍቲ ብርክት ዝበሉ መብዛሕትኡ ድማ ኣብ ዙርያ ኪዳን ዘለዓሉ ሕቶታትን ርእይቶታትን ሰምዑ። ኣዕጋቢ መልሲታት ድማ ሂቡ። ተሳተፍቲ፡ ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ንዘቕረቦ መግለጺ ብምምጓስ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰሉ ዲሞክራስያዊ መድረኻት ግሃድኤ ብተደጋጋሚ ንክጽውዕ ለቦዋታቶም ኣቕሪቦም።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
19 ለካቲት 2012